ሰላምታ ካብ ስድራቤት DeKalb County School District (DCSD)፡

ኩሉ ሰብ፡ ውሑስን ባህ ዜብልን ቀደማ-ሰንበት ኣሕሊፉ ክኸውን ተስፋ እገብር። ነዚ ሰሙስተር ክንዛዝሞ ኣብ ዝተቓረብናሉ ግዜ፡ ኩሎም ተማሃሮና ኣብ ኣካዳሚያዊ ሽቶታቶም ብቐጻሊ የተኩሩ ንኽህልዉ ተስፋ እገብር። ወቕቲ በዓላት እዩ፣ ኩሉ ሰብ ድማ ንናይ ሓጋይ ዕረፍቲ ብሓጎስን ብሃንቀውታን ይጽበዮ ከምዘሎ እፈልጥ እኳ እንተኾንኩ፡ ኣዒንታትና ግን ኣብቲ እንረኽቦ ሽልማት የተኩረን ነዛ ሰሙስተር እዚኣ ድማ ሓያላት ኮይንና ንዛዝማ! ንኹሎም ተማሃሮ ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብቲ ዝወስድዎ መዛዘሚ ፈተናታት ኮርስ ጆርጅያ (Georgia Milestones End of Course) ጽቡቕ ዕድል ይምነየሎም!

ኣተኩሮ ተማሃሮ

ኣብዚ ሰሙን'ዚ፡ ተማሃራይ ሓምሻይ ክፍሊ ቤት ትምህርቲ Ashford Park ንዝኾነ Ayush Roy ኣተኮሮ እህብ ኣለኹ። ጻዕረኛ፡ ርእሰ-ተበግሶ ዘለዎን ኣብቲ ዝውሃቦ ነፍስወከፍ ዕዮ ትምህርቲ ድማ ብሉጽ ስራሕ ንኺሰርሕ ዚጽዕርን ምኳኑ፡ እቲ ንዕኡ ዚከታተል ርእሰ-መምሃራን ሓቢሩ። ኣብ ኩሉ'ቲ ንሱ ዚዓዮ ስራሕ ድማ ብሉጽ ዝኾነ ኣብነታዊ ተማሃራይ እዩ። ኣብ ኩሉ ዓውድታት ትምህርቲ፡ A ዘምጽኤ እዩ፣ ኣብ ፕሮግራም ፍሉይ ውህብቶ ዘለዎም ተማሃሮ እትው እዩ፣ ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ኣብ ዝኾነ ንጥፈታት ድማ ይሳተፍ እዩ። ኣብዚ ብሉጽ ተማሃራይ ኣተኩሮ ብምግባረይ ሕብንቲ እየ።

ናይ ቅድም ተማሃሪት DCSD ንዝነበረት Celina Smith ድማ ኣፍልጦ ክህበ እደሊ። እዛ ጓል 12 ዓመት ዝኾነት ናይ ቅድም ተማሃሪት ቤት ትምህርቲ መባእታ Wynbrooke ፡ ኣብቲ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተመሓላለፈ "Annie Live!" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ናይ ቀጥታ ሙዚቃዊ ምርኢት፡ ከም Annie ኮይና ቀንዲ ጠባይ ተዋሲኣ። Celina፡ ክሳዕ'ቲ ከም ንእሽቶ Nala ኮይና ኣብ ሃገራዊ ጉዕዞ "The Lion King" ዝተጓዕዝትሉ ግዜ ማለት ክሳዕ ዓመተ-ትምህርቲ 2018 – 2019፡ ተማሃሪት DCSD ነይራ። ሓንቲ ካብ ናይ ቅድም ተማሃሮና፡ ኣብ ሃገራዊ መድረኽ በሊጻ ክትወጽእ ምርኣይና ባህ ዘብል እዩ። ብCelina ኣዚና ሕቡናት ኢና፣ ኣብ መጻኢ ድማ ብዙሕ ዓወታት ክትሓፍስ ንምነየላ!

ናይ ሰሉስ ጉጅለ

ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሰሙን #TeamTuesday፡ ንኽልተ ብሉጻት ኣባላት ጉጅለ ፍሉይ ክብሪ ሂበ። Latonya Winters-Buford፡ ኣብ ክፍሊ ምሕያል ስድራቤታትን ኮምን (Department of Family and Community Empowerment) ንዝርከቡ ኣባላት ኮም ኣብ ምህናጽ ናይ ዓመታት ተሞክሮ ዘለዋ እያ! ንጉጅለ መሪሕነት ወለድን ስልጠና ጥብቅናን (Parent Leadership and Advocacy Training) እትመርሕ እያ፣ ከም ኣውራ "መልሕቕ ርክብ" ("anchorwoman") ኮይና ተገልግል ኣላ። ስለ መሪሕነታ ነመስግና።

እቲ Angelica Rosso ንስድራቤታት ብፍላይ ድማ ንስድራቤታት ላቲኖ ዘለዋ ፍቕሪ መዘና የብሉን። ወለዲ፡ መራሕትን ኣብነታውያንን ናይ ደቆም ብኽመይ ከምዝኾኑ ትምህርቲ ምሃብ፡ እቲ ዚዓበየ ሓጐሳ እዩ። ኣብ መንጌ ገዛን ቤት ትምህርትን እወታዊ ዝምድናታት ንኽህሉ ስለዝገበርኪ ኣመስግነኪ!

ጋንታ ኩዑሶ እግሪ Cedar Grove

ጋንታ ኩዑሶ እግሪ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ Cedar Grove፡ ናይ AAA ደረጃ ናብ ዘለዎ ናይ ክፍለ-ሃገር ውድድር ሻምፕዮን ስለዝሓለፈት እንቓዕ ኣሐጐሰኪ እብላ! ዝሓልፈ ዓርቢ፡ Cedar Grove Saints፡ ንAppling County ብ27-6 ስለዝሰዓረታ፡ናብ ውድድር ሻምፕዮን ክፍለ-ሃገር ዘሕልፋ ቲኬት ቆሪጻ ኣላ። ቀዳም፡ 11 ታሕሳስ፡ ፍርቂ መዓልቲ፡ Saints ምስ Carver-Atlanta ኣብ ኣትላንታ (Atlanta) ኣብ ዝርከብ ስታድዩም Center Parc ኽትገጥም እያ። ኣብ Cedar Grove ብዝርከቡ ኣትሌታት ተማሃሮ፡ ናይ ስልጠና ሰራሕተኛታትን ወለድን ኣዝየ ሕብንቲ እየ። ኣብ ሽቶታቶም ንኽበጽሑ

ኣበርቲፆም ሰሪሑም እዮም፣ ቀዳም ተጻዊቶም ኣብ ዝዕወትሉ ግዜ ሓጐሰይ ንኽገልጸሎም ተሃንጥየ ኣለኹ። ኣጆኹም Saints!

ኣኼባ ማሕበረ-ኮም ኢትዮጵያውያን

ነቶም ትማሊ ኣብ እተኻየደ ኣኼባ ማሕበረ-ኮም ኢትዮጵያውያን I.M.P.A.C.T. ንዝተሳተፉ ኩሎም ከመስግኖም እደሊ። ንዓወት ደቆም ደገፍ ንምሃብ ምስ ቤት ትምህርቲ ኣውራጃ ርክብ ንኽገብሩ ድሌት ምስ ዘለዎም ማሕበረ-ኮም ኢትዮጵያውያን ኣትላንታ (Ethiopian Community Association of Atlanta (ECAA)) ከምኡውን ሳልሳይ ዝዓበዩ ጉጅለ ስድራቤታት (ኢትዮጵያውያን/ኤርትራውያን) ርክብ ንኽገብር ዕድል ስለዘረኽብኩ ኣድናቐተይ እህብ። ንደቆምን ስድራቤታቶምን ንኽሐይሉ ኢሎም ምሳና ንምስራሕ ምሉእ ብምሉእ ምስ ዝነጠፉን ጻዕሮም ምስ ዘበረኹን መራሕቲ ECAA ብዝነበረና ርክብ ኣዝዩ ዘገርም ተሞክሮ ረኺብና ኢና። ምስ ማሕበረ-ኮም ኢትዮጵያውያን ዘሎና ሽርክነት ኽጠናኸር ብሃንቀውታ እጽበ።

ምድላው ዓውደ-ኣዋርሕ 2022-2024

ኮሚቴ ዓውደ-ኣዋርሕ (Calendar Committee)፡ ንመሻርኽቲ ማሕበረ-ሰብ DCSD ዝኾውን ኣማራጺታት ዓውደ-ኣዋርሕ ንኽተቕርብ ሓላፍነት ተዋሂብዎ። መሻርኽቲ፡ ነቲ ኣብ መርበብ-ሓበሬታ ኣውራጃ ከምዝጥቃዕ ዚኾውን ዳህሳሳዊ ገምጋም/መሕተት ብምምላእ ርእይቶኦም ክህቡ እዮም፣ ብመገዲ ኣፕሊኬሽን DeKalb፡ ማሕበራዊ ሚድያ፡ መርበባት ኢመይል፡ መርበባት-ሓበሬታ ቤት ትምህርቲ ከባብን ካልእ ዝተወደበ ጻዕርታት ርክብን ድማ ከምዚዝርጋሕ ኪኾውን እዩ። እዚ ዳህሳሳዊ መሕተት፡ ሎም መዓልቲ፡ 6 ታሕሳስ ኪዕጸ እዩ። ናይ ኣብያተ-ተምህርቲ ዓውደ-ኣዋርሓት 2022-2024፡ ኣብቲ 13 ታሕሳስ ኣብ ዝካየድ ኣኼባ ቦርድ ትምህርቲ (Board of Education) ክርኤን ስጉምቲ ክውሰደሉን እዩ። ነዚ ዳህሳሳዊ መሕተት ንምምላእ፡ ኣብዚ ጠውቕ።

ቤት ትምህርቲ መባእታ ደረጃ Smoke Rise

DCSDን ቤት ትምህርቲ መባእታ-ደረጃ Smoke Riseን፡ ዝሓለፈ ዓርቢ፡ ንዋና-ኣማሓዳሪ ክፍለ-ሃገር Richard Woods ኣብ Smoke Rise ብምቕባሎም ሓጐሶም ገሊጾም። Smoke Rise፡ ኣብ ዝሓለፈ ቀረበ እዋን፡ ብመሰረት ሃገራዊ ኣዋጅ ትምህርቲ መባእታን ካልኣይ ደረጃን (National Elementary and Secondary Education Act (ESEA)) ብክፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያ (Georgia Department of Education) ዝውሃብ ሽልማት ብልጽቲ ቤት ትምህርቲ ረኺባ እያ። Smoke Rise፡ ሓንቲ ካብተን ዕዉት ትምህርታዊ መደባትን ኣካዳምያዊ ዕብየት ተማሃሮን ብምርኣየን ብሃገር ደረጃ ኣፍልጦ ንኽረክባ ካብ እተመርጸ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ እያ።

ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ኣብ ብሉጽነት ትምህርቲ ኣተኩረን ናብ ቅድሚትን ናብ ዝበረኸ ደረጃን ኣቢለን ንኽጉዓዛን ንተመረቕቲ DCSD ንዘሎና ራእይ ድማ ንኽበጽሓሉን መላእ ዓዲ ኪዋሳእ ከምዘለዎ ኩልና ንፈልጥ ስለዝኾንና፡ በቶም ኣብ Smoke Rise ዝርከቡ ተማሃሮ፡ መምሃራን፡ ኣማሓደርትን ማሕበረ-ኮም ቤት ትምህርትን ሕብንቲ እየ። ንዘለዋና ብሉጻት ኣብያተ-ትምህርቲ ኣፍልጦ ስለዝሃብወን፡ ንዋና-ኣማሓዳሪ Woodsን ክፍሊ ትምህርቲ ጆርጅያን ዳግማይ ከመስግን እደሊ።

ኣኼባ ኣጠቓላሊ ርእሰ-ውጥን

ኣብቲ ሰራሕተኛታት DCSD፡ ነቲ ዝተኣመመ ንድፊ ዝርዝር ፕሮጀክት E-SPLOST VI ንዘቕርብሉ ዝቕጽል ኣኼባ ኣጠቓላሊ ርእሰ-ውጥን (Comprehensive Master Plan (CMP)) ኽትዕዘቡ፡ ብኽብረትኩም ንሮቡዕ፡ 8 ታሕሳስ ቆጸራ ኣሎ።

ብዛዕባ ምምሕያሽ መሳለጥያታት፡ ምስፋሕ ትሕተ-ቅርጽን DCSD ድማ ናብ ቅድሚትን ናብ ዝበረኸን ደረጃ ብቐጻሊ ንኽትጉዓዝ ኣተኩሩ ብዛዕባ ዝውሃብ ለበዋታትን ዝምልከት ዘተታት ከምዝእንገድ ኪኸውን እዩ። እዚ ኣኼባ'ዚ፡ ሰዓት 6 ድ.ቐ ኪጅምር እዩ፣ ኣብዚ ድማ ክርኤ ይከኣል እዩ።

ዳህሳሳዊ መሕተት ባጀት

DCSD፡ ኣብ ነፍስወከፍ ዓመት፡ ብዛዕባ ዝውሃብ ኣገልግሎታትን ኽካየድ ብዛዕባ ዝግብኦ ምምሕያሽ ኦፐሬሽንን ዝምልከት ርእይቶ ካብ ኮም ንኽረክብ፡ ናይ ኦንላይን ዳህሳሳዊ መሕተት የካይድ። እዚ ዳህሳሳዊ መሕተት ባጀት፡ ኣብ ምምዕባል ባጀት ፊስካላዊ ዓመት 2023 ንዘሎ ርእይቶ ኮም ንምእካብ ተባሂሉ ዝተዳለወ እዩ። እቲ ተዳልዩ ዝውዳእ ሰነድ ባጀት፡ ምስ ስትራተጅያዊ ውጥን፡ ራእይን ሽቶታትን ኣውራጃ ከምዚሳነ ኪኸውን እዩ። እዚ ባጀት ፊስካላዊ ዓመት 2023፡ ንተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታትን ዜጋታትን DeKalb County ንዘድሊ ኣገልግሎታት ከምዘንጸባርቕ ኪኸውን እዩ። እዚ ዳህሳሳዊ መሕተት፡ 13 ታሕሳስ ኪዕጸ እዩ። ነዚ ዳህሳሳዊ መሕተት'ዚ ንምምላእ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ጠውቕ።

ናይ ምክትታል መርመራታት

ክፍሊ ጥዕና ተማሃሮ (Department of Student Health)፡ ምስ ክፍሊ ህዝባዊ ጥዕና ጆርጅያ (Georgia Department of Public Health) ብምትሕብባር፡ ናይ ምክትታል መርመራታት ኣብ DCSD ከምዝካየድ ብምግባሩ ባህ ይብሎ። እዚ ናይ ክትትል መርመራ፡ ውሑስ ኮይኑ፡ ንለብዒ ኮቪድ-19 ንምድራትን ኣብያተ-ትምህርቲ ድማ ብኣካል ንዝውሃብ ትምህርቲ ብቐጻሊ ንኽካይድናን ቲ ውጽኢታዊ ኣገባብ እዩ፣ መርመራ ኮቪድ-19፡ ግድነታዊ እኳ እንተዘይኮነ፡ ንተማሃሮ፡ ሰራሕተኛታት፡ ኣባላት ስድራቤትን ኮምናን ንምክልኻል ተባሂሉ ግን ዚውሃብ ዘሎ እዩ። እዚ ናጻ ናይ መርመራ መደብ፡ ዋላ'ውን ምሉእ ብምሉእ እተኽትቡ እንተኾኑ፡ ንኹሎም ተማሃሮ ክፉት እዩ። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ጠውቕ።

መርመራ ኮቪድ-19፡ ንወለድን ሰራሕተኛታትን ቤት ትምህርቲ መባእታ ደረጃ Doraville United ድማ ኣብ ክሊኒክ ቤት ትምህርቲ ይውሃብ እዩ። MedCura Health፡ ኣብ Emory University School of Medicine ምስ ዝርከብ ክፍሊ ሕክምና ህጻናት (Department of Pediatrics) ብምሽራኽ፡ ኩሉ ግዜ ሰኑይን ሮቡዕን ካብ ሰዓት 8 ቅ.ቐ ክሳዕ 2 ድ.ቐ ናጻ መርመራ ይህብ ኣሎ። ኣብ MedCura Healthን ክፍሊ ሕክምና ህጻናትን ንዝርከቡ መሻረኽቲ ኮም፡ ስለቲ ንሰራሕተኛታትናን ወለድን ዝሃብዎ ኣገልግሎት ነመስግኖም ኣሎና። ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ኣብዚ ጠውቕ።

ገምጋማዊ መሕተት ምርግጋጽ ብቕዓት ኮም

DCSD፡ ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ መስርሕ ምሕዳስ ምርግጋጽ ብቕዓት የካይድ ኣሎ። ምእካብ ርእይቶታት መሻርኽቲ፡ ክፋል'ዚ መስርሕ'ዚ እዩ። ኣብ ገምጋማዊ መሕተት ስድራቤታትን መሻርኽቲ ኮምን (Family and Community Stakeholder Survey) ንኽትሳተፉ ንዕድመኩም ኣሎና። ውጽኢት'ዚ ገምጋማዊ መሕተት፡ ምስ ካልእ ጥበባዊ ትሕዝቶታት መሻርኽቲ፡ ኣብ መስርሕ ምሕዳስ ምስክርነት-ብቕዓት ኣውራጃ ኣብ ጥቕሚ ክውዕል እዩ።

እዚ ገምጋማዊ መሕተት ስድራቤታትን መሻርኽቲ ኮምን፡ በዚ ዝስዕብ ቋንቋታት ተዳልዩ ይርከብ፥ ኣምሓርኛ፡ ዓረብኛ፡ ቤንጋሊ፡ በርማንኛ፡ ቻይንኛ፡ እንግሊዝኛ፡ ፈረንሳይኛ፡ ሂንዲ፡ ኔፓልኛ፡ ሶማልኛ፡ ስጳንኛ፡ ስዋሂሊ፡ ተሉጉ፡ ትግርኛን ቬትናምንኛ። እዚ ገምጋማዊ መሕተት'ዚ፡ ብምስጢር ዝተሓዝ ኮይኑ፡ ንኽምላእ ድማ ብገምጋም 10 ደቓይቕ ይወስድ። ነዚ ገምጋማዊ መሕተት'ዚ፡ ኣብዚ ሊንክ'ዚ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም፥ https://survey.sogosurvey.com/r/eY7O00.

ብዛዕባ ዜናታት ኣውራጃ ዚምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ንመርበብ-ሓበሬታና ከምኡውን ናይ ቤት ትምህርቲ መርበብ-ሓበሬታ ከፈትኩም ብቐጻሊ ርኣዩ። ብሉጽ ሰሙን ይግበረልኩም!

ምስ ሰላምታ፣

Mrs. Cheryl Watson-Harris